Frühförderung
**Stadt Bern**




# Deutsch lernen vor dem Kindergarten

primano
für einen guten Start

# ጀርመንኛ ምምሃር ቅድሚ መዋእለ ህጻናት

ከተማ በርን ኩሎም ቆልዑ ኣብ ትምህርቲ ዝበለጹ ዕድላት ንክህልዎም የእንፍት። ዕዉት ዝኾነ ኣጀማምራ ትምህርቲ ክህሉ ድልዱል ፍልጠት ቋንቋ ጀርመን ኣድላዪ እዩ። "ጀርመንኛ ምምሃር **ቅድሚ** መዋእለ ህጻናት" ዝብሃል ደጋፊ ፕሮግራም ንጀርመንኛ ቀሩብ ዝዛረቡ ወይ ፈጺሞም ዘይዛረቡ ቆልዑ ይሕግዞም እዩ።

## ፍልጠት ቋንቋ ጀርመን ናይ ቆልዓኹም ብኸመይ እዩ ዝውሰን፧

ከም ወለዲ 18 ኣዋርሕ ቅድሚ መእተዊ መዋእለ ህጻናት ናይ ቆልዓኹም ብቡስጣ ደብዳበ ክስደደልኩም እዩ። እቲ ደብዳበ ናብ ቀጥዒ መሕተት ዝወስደኩም ኢንተርነት ኣድራሻ ክህክልዎ እዩ (ብ14 ቋንቋታት ዝርከብ)። ብኸምኡ ፍልጠት ጀርመንኛ ናይ ቆልዓኹም ባዕልኹም ክትግምግምዎ ትኽእሉ። እቲ ቀጥዒ መሕተት ብስቱር ክተሓዝ እዩ ከምኡ'ውን ኣብቲ ናይ ከተማ ኣገልግሎት ጥዕና (ምዕባለ ብኣጋኡ primano) ክስራሕ እዩ። ቆልዓኹም ናይ ቋንቋ ጀርመን ደገፍ ዘድልዮ እንተኾይኑ ኣብቲ ግምገማ ሽዑ ክረአ እዩ። ብዝኾነ ጉዳይ ካባና መልሲ ክትወሃቡ ኢኹም።

## ቆልዓኹም ኣበይ ጀርመንኛ ክመሃር ይኽእል፧

ቆልዓኹም ናይ ቋንቋ ደገፍ ዘድልዮ እንተኾይኑ ፣ ንመእተዊ መዋእለ ህጻናት ኣብ ኪታ(መእለዪ ቆልዑ) ወይ ኣብ ናይ ጸወታ ጕጅለ ክኸይድ ይኽእል። ኣብኡ ቆልዓኹም ብጸወታ ጀርመንኛ ክመሃር እዩ። እቲ ከተማን ክፍለ-ሃገርን (ካንቶን) ኣብ ምምዋል ክሕግዙኹም። እቲ ናይ ወለዲ ደጋፊ ክፍሊት ኣብ ደሞዝኩም እዩ ዝምርኮስ።

## ከም ወለዲ እንታይ ክትገብሩ ኣለኩም፧

ነቲ ቀጥዒ መሕተት በቲ ኣብ ናይ ወለዲ ደብዳበ ዘሎ መምርሒ ምልእዎ። እቲ ናይ ወለዲ ደብዳበ ኣብ ጥሪ ክትወሃቡ ኢኹም፣ ቆልዓኹም ኣብ ነሓሰ ዝመጽእ ዘሎ ዓመት ኣብ መዋእለ-ህጻናት ምስዝኸይድ። ቆልዓኹም ዋላ ድሮ ኣብ ኪታ ወይ ናይ ጸወታ ጕጅለ ዝኸይድ እንተኾኑ ነቲ ቀጥዒ መሕተት ብኽብረትኩም ምልእዎ ።

## እዚ'ውን ኣዝዩ ኣገዳሲ'ዩ፦

መበቈላዊ (ቀዳማይ) ቋንቋ ነቲ ብኣጋኡ ዝፍጸም ቋንቋዊ ትምህርቲ ብጣዕሚ ኣገዳሲ እዩ። ከም ወለዲ ኣገዳሲ ሓገዝ ንምዕባለ ቋንቋ ቆልዓኹም ከተቕርቡ ኢኹም፣ እንድሕር ደኣ ብዙሕ ብመበቈላዊ ቋንቋኹም ትዛረብዎን ትጻወትዎን፣ ዛንታታት ትነግርዎ ወይ ምስኡ ግጥምታት ትመሃሩ ኮይንኩም። **እዚ እቲ መሰረት ንዝኾኑ ተወሰኽቲ ቋንቋታት እዩ።**

## ተወሳኺ ሓበሬታ ኣበይ ክትረኽቡ ኢኹም፧

www.primano.ch/deutsch-lernen



Gesundheitsdienst der
Stadt Bern
Frühförderung primano
Monbijoustrasse 11
3011 Bern

031 321 41 60
primano@bern.ch

**primano.ch**